# ጋዜጣዊ መግለጺ

ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ዳግም ሰፊሕ ኣቓልቦ ዘሰሓበ ጉዳይ ዶብ ኢትዮ-ኤርትራ ኳይኑ ተረኺቡ'ሎ። ነዚ ብዝምልከት ከአ ድሮ ብርክት ዝበሉ መግለጺታት ወጺኦም ኣሎዉ። ድሕሪ ቀዳማይ ሚንስተር ኣብዪ ኣሕመድ ኣብ ኢትዮጵያ ናብ ስልጣን ምድያቡ፣ ናይ ኢህወደግ ናይ ስራሕ ኣስፈጻሚ ኣካል ኣኼባ ጌሩ። ዚተገብረ ኣኼብ (ናይ ስራሕ ኣስፈጻሚ ኣካል ዚወጸ መግለጺ ከም ዘፍለጦ) ከአ ብወጽኢት ንውዕል ኣልጀርስ ወይ'ወን ከምኡ ንብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርድ ብጉዳይ ዶብ ኢትዮ-ኤርትራ ብዘይ ዚኾነ ይኹን ቅድመ ኵነት ከም ዚተቐበሎን ንአብ ባይታ ትግባሬኡ ቅሩብ ምህላዉ ጠቒሱ ድልወነቱ ገሊጹ'ሎ። በዚ ኸአ ነቲ ሰበባ ሐዙ ዘጸንሓ - "ናይ ኣይሰላም ኣይውግእ" - ከቢድ እምኒ ተነክዩ ዘንቀሳቐሰ ሓይሊ ኳይኑ ተረኺቡ'ሎ። መግለጺ ፈጻሚ ኣካል ኢህወደግ ብተወሳኺ፣ መንግስቲ ኤርትራ`ውን ከምኡ ተመሳሳሊ መርገጽ ንክወስድ ጸዊዑ'ሎ።

ንድሕሪት ተመሊስና ክንርእዮ እንከሎና ፣ እቲ ብ1998 ዝጀመረ፣ ኣሸሓት ዝቐዘፈ ናይ ዶብ ውግእ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ውጽኢቱ ብክልቲኡ ሸነኽ ሰፍ ዘይብል ሞት ሰራዊት ጥራይ ዘይኰነስ ፣ ማእለያ ዘይብሉ ናይ ህዝቢ ምፍንቓልን ናይ ናብራ ሓፍ-ዞቕን ኣኸቲሉ'ዩ። ስምብራቱ ከአ ገና ክሳብ ሕጂ መፍትሒ ዘይተረኽበሉ ጉዳይ'ዩ ። ነዚ ሸግር`ዚ ዘለቒ ፍታሕ ንምርካብ ተባሂሉ ድማ ብ2002 ብይን ፍርዲ ስምምዕ ኣልጀርስ መራሕቲ ክልትኤን ሃገራት ዝፈረሙሉ ናይ መወዳእታን ቀያድን ውሳኔ ተዋሂቡ። ዝተፈረመ ብይን ፍርዲ ክሳብ ሕጂ 16 ዓመት ኣብ ባይታ ከይተተግበረ ምጽንሑ ናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ኣብ ናይ "ኣይሰላም ኣይውግእ ሃዋሁው"፣ ማለት አብ ኵነታት ቀጻሊ ድኽነትን ራዕድን ተሳጢሖ ይርከብ። ብሰንኪ ብኣነነት ዝተላዕጠጡ ክልተ መራሕነታትን ንሶም ዘናዓዓብዎ ናይ ኵናት ዓዘቕትን፣ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ኣደራዕን ሕሰምን ተጸሚዶም ይርከቡ።

ሓደ ካብቲ ዝልለ ቀንዲ ጠንቂ ዘይመተግበሪኡ፣ ኢትዮጵያ ነቲ ብይን ብመትከል ትቀበሎ ድአ'ምበር ኣብ ባይታ ንኸይትግበር ተቐርቦ ዝነበረት ቅድመ ኩነት ን16 ዓመት ዝኣክል ገለ ካብቲ ቀንድን ዓንቃፍን ኰይኑ ዝጸንሐ ረቛሒ ኢዩ። ይኹን እምበር እዚ ሕጂ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣውንታዊ ብምዃኑ ነዚ ናይ ሰላም ተበግሶ ናብ ትግባረ ኣቢልና ክንድርኽ ጥራይ'ዩ መዓላ ዘለዎ። ነቲ ምሉእ ብምሉእ ተቐቢልናዮ ዚብልዎ ስምምዕ ኣልጀርስ ተግባራዊ መዐቀኒኡ ከአ፣ ሰራዊቶም ካብ ባድመ ብምስሕቡ ብተግባር ምስ ዘሰንይዎ ጥራይ እዩ። ምስ ኣህጉራዊ ትካላትን ብእኡ ዚቐመት ናይ ምድዋብ ኮምሽን ብምውህሃድ ድማ እቲ ድሮ ግዜ ዘበልዐ ናይ ዶብ ምጭራሕን ምምልካትን ዕዮ ክኸይድ ፍሉይ ፍቓዳት ወይ ፍሉይ ርኽክባት ዘድሊ ኣይመስለናን። ስርዓት ህግደፍ ሓንትስ ትግባሬ ጥራይ አሪኡና ክብል ጸኒሑ'ዩ፣ ስርዓት ኢህወደግ ከአ ሕጂስ ቅሩብ'የ ኢሉ'ሎ፤ ስለዚ ንሕና ንትግባሩኡ ንመንግስታት ኢትዮ-ኤርትራ ከምዚ ምመኽርና፤ ከምቲ ድሮ ብሸነኽ ፈጻሚ ኣካል ናይ ኢህወደግ ተተግቢሩ ዘሎ ነቲ ዚምልከቶ ኣህጉራዊ ትካል ጸዊዕካ ድሕሪ ደጊም ኢድካን እግርኻን ምእካብ ካብ ቁጡዕ ጠመተ ነናይ ባዕላተኩም ኣህዛብ ስለ ዚጋርደልኩም ለባም ስጉምቲ'ዩ ምኾነ።

ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንፍትሒ